# ዝወዓለ ይንገርካ
# ዳግማይ መቐጸልታ ርእይቶ

ብወደባት፡ ግርማይ ኪዳነ (ወዲ ፊሊፖ)
ሚላኖ-ኢጣልያ

## ምንዮትናን ምንዮት ህዝብናን እንታይ እዩ?

### ክቡራት ክቡራን

ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ ጽሑፋተይ ዝሓበርኩኹም ሕጂ እውን ብዛዕባ እቲ ዝወዓልናሉ ዋዕላ ክሕብር እየ። ሓበሬታይ ከኣ ነፍስ ወከፍኩም ብዓይነት ኣረኣእያኹም ክትግምትዎ እንክሎኹም እቲ ዝወዓልናዮም ምሕባር ንእቶም ኣብቲ ዋዕላ ንምስታፍ ዝተሓሰሙ ዝህብዎ ትርጉም ዘይኮነ፡ ኣብቲ ዋዕላ ምውዓልን ህልው ኩነታት ምስትብሃልን ብኢ.ድኻ ምድህሳስን ዘድመዄ ኣፍልጦ ክህልውን እቲ ዘሎ ምፍላጥ ዓቢ.ይ ምህሮ ኾይኑ ካብኡ ተማሂርካ ነቲ ክትበጽሖ ዝድለ ባይታ ከብጽሕ ስለ ዝኽእል ብዓይኒ ሎኽመኛታት ተፈላስፍቲ ዘይኮነ በብዓይንና ክንርእዮ ኣወንታ እዩ።

### ኣብ ሓበሬታይ ቅድሚ ምብጻሕ!

ነዚ ዋዕላ ኣብ ምትግባሩ ዘተባብዑና ጎረቤት ሃገር ውድብ ኢ.ህ.ወ.ደ.ግ ትካል ሰንዓ ፎረም ደጋጊመ ከመስግኖም ልዕሊኡ ክገብሮ ዝኽእል ስለ ዘየልቦ ኣመስጊነ ንሃንቀውታ ሰላምን ቅሳነት ሒዙ ዘመንዮ ዘሎ ውጽዕ ህዝቢ ኤርትራ ኤረክቦም።

### ኣማን ብኣማን፡

ኩሉ ኤርትራዊ ከመስግኖም ጥራሕ ዘይኮነ በዚ ተገድስኦም ተገንዚቡ ኣብዚ እዋን እዚ ሃገረ ኤርትራን ክቡር ህዝባን ብጥልመት ሓሳዳት እኩባን ሽፋቱ ህግደፍ ጥራሕ ዘይኮነ ኣብ ፍቖዶ ዓለም ተዘሪውና ዘሎና ኤርትራውያን እውን ጠሊምናዮ ከም ዘሎና እሞ <u>እቲ ሓዘን ኣብ ገዛና ይኹን ሕሰም ኣይትርከቡ ክንበሃል ኣብ ገዛና ዘሎ ሓዘን ንሕና ወቓዕቲ ክራር እቶም ጎረቤትና ኸኣ ሓዘንተኛታት ኮይኖም ዘልቅሱ ክኾኑ ከሕፍረና ጥራሕ ዘይኮነ ከኽዕበና እውን ይግባእ።</u> ነዚ ኸኣ እየ ጠለምቲ ሃገርን ህዝብን ከጽውዓና ይግባእ እዩ ዘብለኒ።

"ነዚ ትዕዝብቲ እዚ ከዔዝበኒ ገምጋም ከውህበኒ ዝኽኣለ ኸኣ ኣብቲ ዋዕላ ስለ ዝተኻፈልኩ ድኣ እምበር ከምቶም ብማዕዶ ከማዕድው ይቐንዕዶ ኣይቀንዕን ይደምዕዶ ኣይደምዕን ኢሎም ዝጸናተው ዝንገር ጌጋታት ክወራዘዩሉ ፈላጣት ክበሃልሉ ዝሓስቡ ርእሰ ጥልመትን መተካእታ ኣጽንትቲ ንምኻን ተጸበይትን ኮይነ ኸይከድኩ እንተዝተርፍ ካብ እንታይ ተባህለ እንታይ ተገበረ ምሕታት ኣብ ካልእ ኣይምጻሕኩን ንዊንታይ ዊንታ ስድራቤታተይ ዝሕሾም ዘይሕሾም ኣብ ምንዳይ ፍትሒ ኣይምበጻሕኩን እሞ እንቋዕ ከድኩ እንቋዕ ወዓልኩ ኢለ ኣብ ናይ ሎሚ ጽሕፍተይ እሰግር።

### ምንዮትናን ምንዮት ህዝብናን
### እንታይ እዩ?

ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ደቂ ሰብ ዝነብሩላ ዓለም ተራእዩን ተሰሚዑን ዘይፈልጥ ጥልመታት ህልም ዝበለ ዓዘቕትታት ረኺቡ ኣማሪሩ ዝነብረሉ ዘሎ እዋን ኮይኑ እቲ ዘይወልድኩ ውላድ ሃበኒ እናበለ ዝምህለል ዝነበረ ሎሚ ንኸይወልድ መኻን ኮይኑ ክነብር ይምህለል ኣሎ እንተበልና ኢጋንኖ ኣይኮነን።

<u>"እዚ ኸኣ ደቀይ ኣሕዋተይ ኣሓተይ ብዝበሎም ምሉእ እምነት ብዘንበረሎም ተጠሊማ ምንባር ሓርቢቱዋ ምድሪ ሰማይ ጸልሚቱዋ ስለ ዘሎ እዩ።"</u>

### ነዚ ንቃወሞ!

ተባሂሉ ብዙሕ ተዘሪቡ ብዙሕ ተጻሒፉ ብዙሕ ተፈልሲፉ ኸኣ። ንባዕሎም ዝረግፉ ዘለው እኩባን ጠላማትን ሓሳዳት ጉጅለ ህግደፍ ብቐሊሉ ክቡንቑሮም ዝከኣል እንክሎ ሰኣን ሓቀኛ ሓልዮትን ተበጋስነትን እቲ ተቓውሞ ዝበሃል ንሽፋቱ መርዓን ስድራቤታት ከኣ ድረዓ ኾይኑ ምጽንሑ ካብ ኣብ ዝወዓልናዮ ዝተዓዘብናዮ ዋዕላ ብዙሕ ተማሂርናን ፈሊጥናን።

ንሱ ኸኣ፡

ንምንዮትናን ምንዮት ህዝብናን ዘርብሕ ኩነታት ንኽንላዘብ ክንመክር ካብ ብዙሕ መኣዝን ዓለም ኣብዚ ታሪኻዊ ሃገራዊ ዋዕላ ተኻፊልና፡ ኣብ ቅድሚ ምጅማር እቲ ኣኼባ ዋዕላ ምትእኽኻብ መዓልታት ይኹን ኣብ ድሕሪ ኣኼባ እዋን ዕረፍቲ እቲ ተኻፋላይ ህዝቢ በብጉጅለ መማጽእቱ መፋልጥቱ ይተኣከብ የዕልል ድኣ እምበር ኣብ ኩሉ ዕላላት ዝነበረ ሓድነታዊ መንፈስ በቲ ዋዕላ ኣቢልካ ንእኩባን ሓሳዳት ሽፋቱ ህግደፍ ብዘይወዓል ሕደር ንምሕግሓጎም ተበገስ ዘስምዕ ዝጽውዕ ይመስል ነይሩ ምባሉ ፍጹም ኣጋንኖ ኣይኮነን።

ኮይኑ ግን፡

እቲ ምቁር ልዝባት ዘተንፍስ ዝነበረ ሃዋህው ንእቶም ብስም ተቓውሞ ዝድረሩ ዝጭድሩ ንዓመታት ኣብ ወንበር ሓላፍነት ኮይኖም ሸንኮለል ዝብሉ ሃንደበታዊ በርቂ ኮይኑዎም ብምስንባድ ካብ ዝተራእየ ስክፍታታቶም ጸርጸር፣ ጻዕጻዕ ኣብ ምባል ተራእዮም ሓቅን ሰዓልን ሓቢእካ ክትሓብኤን ስለዘይትኽእል ወዮ ጻዕጻዕቶመ ምጽዋር ስኢኖም ኣቦ ወንበር ኣሰናዳኢት ኮሚቴ ዋዕላ ኣባል ቤት ጽሕፈት ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ኣብ ኣዳራሽ መጋባእያ ዋዕላ እዘን ዝስዕባ ቓላት ደርቢዩ።

"ኣብዚ ዋዕላ መጺእኩም ንኪዳን ከተፍርሱ ዝመደብኩም ኣሎኹም እዚ ኸኣ ኣይክኾነልኩምን እዩ ክትፈልጥዎ ዘሎኩም እዚ ተረኺብኩሙሉ ዘሎኹም ዋዕላ ብክሳራ ኪዳን እዩ በለ ተቖጢዑ።

እቲ ዝበሎ ተነቃፊ ቃላት ከም ዝኾነ ድሕሪ ምርዳእ ንጽባሒቱ ንዝበሎ ክውሕጦ የማኻኒ ድኣ እምበር እታ ዝበላ ኣብ ውሽጢ ከርሱን ከርሲ መማኸርቱን ምንባራ ኣገሪሃ እያ ባዕላ ቦሎኽ ኢላ እሞ ብዝስዕብ ከምልሽሉ።

ኣብቲ ሃዋህው ልዝብ ዝነበረ ሓሳባት ብኹሉ ሸነኻት እተሰማማዕናሉ ንኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን ክድልድል ክድንፍዕ ብዘይምልዋጥ ሰባት ካብ ኩሉ ኤርትራዊ ክድገፍ ንኽይዕንቀፉ ኣሎ ዝበሃል ምትሕብባር ክግበረሉ ክሳዕ ሕጂ ሰንከልከል ዘብሎ ዝነበረ ናይ ህዝቢ ምሉእ ብምሉእ ድጋፋት ስለዘይረኸበን ዘይሓየለን እዩ እሞ በዚ ዋዕላ መሰረት ከነተባብዖ ጥራሕ ዘይኮነ ኩሉ ኣሎ ይከኣል ዝበሃል ዓቕምታት ክውፈየሉ ኣለዎ እዩ ዝነበረ።

እቲ ሓቂ እዚ ኾይኑ፡

ህዝቢ ዘይሓሰቦ ህዝቢ ዘይጠለቦ ከምኡ ዓይነት ኣቓልቦ ምዕዛብና ግን፡ ሓለዋ ኩርሲ ድኣ እምበር ህዝባዊ ራሕሲ ዝኣመተ ቃልሲ ከምዘየሎን ንለባም ኣምተሉ ንዓሻንከ ደርጉሓሉ ከም ዝበሃል፡ በቲ ኣዘራርባኡ ቆዩቓኡ ንዝቕጽል መዓልታት ተገቲርና ኣጥቢቕና ነቲ ዝካየድ ዝነበረ ከነስተብህለሉ ጀሚርና።

ርእይቶይ ቅድሚ ምሃብ፡

"እቲ ዕድመ ብኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን ድኣ ይገበር እምበር እቲ ወጻኢ ወዮ ኪዳን ዘይኮነ በቶም ንቕሳነት ህዝቢ ኤርትራ ተመኒዮም ዝድግፉ ዝተዋህበ መሻርፍ ምንባሩ ኣረጋጊጽና ንፈልጥ ኢና እሞ ብዘይጁባኻ ኣይትወራዘ በጆኻ እብሎ።

ብሩህ ዝኾነልና!

ተቓውሞና ክሳዕ ሕጂ ስም ድኣ እምበር ሓቀኛ መስርሕን ናይ ምሕግሓግ ሓሳዳት ሽፋቱ ህግደፍ ዕላማ ከምዘይነበረ፣ እንተቐደወ ቀደወ እንተዘይቀደወ ኸኣ ይጠዋወ ምኻኑ፣ እቲ ክሕግሐግ ዘለዎ ጠላም ጉጅለ ዕድመ ኣእኺሉ ባዕሉ ከምዚ በጺሕዎ ዘሎ እንተተቐላሊው ኣብ ቦታኡ ምጽእ ኢልካ ሱኹዕ ምባል ክሳዕ ሽዑኡ ኸኣ ወጽዓ ህዝቢ እንዳበልካ ውድብ ዕቁብ ኢልካ ኮለል ምባል ዘምረሐ ምንባሩ ብቓልዕ ተራእዩ።

ኣብቲ ዋዕላ

ኩልና እቶም በዚ ዋዕላ እዚ መሰረት ጌርና ብኸመይ ንሽፍታ ገዛና ንኽንብል ክንላዘብ ክንመክር ዝመጻእና ኣብቲ ዋዕላ ከነጽድቕ ዝመደብናዮ መደብ፡

ሀ/ ሓድነት ህዝቢ ምድልዳል! ከይተዛረብናሉ ድልዱል ምኻኑ ብግብሪ ኣርእዩና

ለ/ ምትሕብባር ስርዓት ኢትዮጵያን ኢህወደግ ፖለቲካዊ ሰልፍን ንጹርነጹ ክሳዕ ክንደይ ንኽነረጋግጽ ዝሓሰብናዮ ከይሓተትና ኣብ ባይታ ከየውረድና እንክሎና ብሩህን ንጹርን ሕውነታዊ ሓልዮት ምኽኑ ብምርግጋጽና ክኒኦ ኸኣ ንህዝብን ሃገርን ኤርትራ ኣብ ሕድሪ መብጽዓ ስውኣት ገድሊ ጸረ ወታሃደራዊ ደርግ ኢትዮጵያ ዘትከለ ኣረጋጊጸ ዕውት መልሲ ረኺብናሉ።

## እዚ ድሕሪ ምርግጋጽና

ህላዌ ሓሳዳት ሸፋቱ ህግደፍ ኣብ ኤርትራ ከብቅያ ካብ ሱሩ ቦርቂቑ ክጸፍያ ዝድለ መደብ ክንዛረብ ክንላዘብ ዝመደብናዮ፡

1. ካብ ውድብይ ሰልፈይ ዝበሃሃል ውድድራት ተወጺኡ ብሓደ መምርሒ ነቲ ኣብ ገዛና ኀብሲሉ ሸፌቱ ዘሎ ህግደፍ ንኽንጸፍያ ዘኽእለና መደብ፡
2. ካብ በብጎደናኻ ብሓደ ናይ ወጻኢ ጉዳያት መስርሕ ክስራሕን ከም ዘለዎ ብኸመይ እንትተገብረ ይሓይሽ ዝብል ዘኽእል መደብ ንምሕንጻጽ፣
3. ዋንነት ሃገር ናይ ህዝቢ ድኣ እምበር ናይ ፖለቲካዊ ሰልፊ ከምዘይኮነ ዘረጋግጽ መስመር ንምሕንጻጽ፣
4. መሰል ብሄራት ዘውሕስ ዘረጋግጽ ባይታ ምፍጣርን ሃገርን ቅዋመ ሃገርን ሕገ እንደባነት ኣኽቢሩ ኣብ መሰል ብሄራት ዘትከለ ክኸውን ከረጋግጽ ክረጋገጽ ዘኽእሎ ባይታ ምፍጣርን፤
5. ቀቅድሚ መፈለም ሃገራዊ ዋዕላ ዝተበሰረ ስምምዕ 8 (ሾሞንተ) ውድባት ስሉፋት ሰራዊት ዘለውወን እቲ ዝተገብረ ስምምዕ ኣብ ርጡብ ሓድኣዊ መስርሕ ዝሰክፈሉ ብማዕረ ጸረ ሽፍትነት ህግደፍ ዝጭምቱሉ ብኸመይ ክንላዘብ ክንመክር፡
6. ድሕሪ ምሕግሓግ ህግደፍ እቲ ስልጣን ሃገር ብኸመይ ንህዝቢ ይርከብ?
7. ሰነድ ምሉእ ታሪኽ ገድሊ ኤርትራ ኣወንታኡን ኣሉታኡን ብኸመይ ኣጋባብ ይቐርብ?
8. ኣብ መሰጋገሪ እዋን ሓለዋን ጸጥታን ብኸመይን ብኣየናይ ሰራዊት ይትካእ፡

## እዚ ከም መፈለም ኮይኑ

ክዝረበሉ ክመያየጠሉ ኾይኑ ኩሉ እቲ ዝተባህለ ኣብ ኣፍልጦ ህዝቢ ክዝርጋሕን ክፍለጥን እሞ እቲ ህዝቢ ኣብ ዋዕላ ዝተኻፈለን ዘይተኻፈለን ብዝጥዕም መራኸቢታት ርእይቶታቱ ክህብ ኣብ ዝመጽእ ዋዕላ ተቐሪቡሉ ክጸንሕ ክንላዘብ ይግባእ ነይሩ እዚ ግን ኣሹንኳይዶ ክቐርብ ጽላሎቱ እውን ኣይተቐልቀለን።

## ክዝረበሉ ዘይተደልየ ምኽንያት፡

ብዘይ ጥውይውይ ብዘይ ምኽኒታት ክግለጽ እንተኾይኑ እቶም ውድብ ኣሎና ሰልፊ ኣሎና ዝብሉ ሰብ ዕቁብ ተገዲዶም ወይ ተጽዕኖ ሃሊውዎም ማለት ሸንኮለል ኣይትበሉ ግብሪ ግበሩ ወይ ከኣ?... ስለ ዝተባህሉ ነቲ ዋዕላ ጸዊያም እምበር ሓቀኛ ሓልዮትን እምነትን ናይቲ ዋዕላ ከም ዘይነበሮም ብሩህ እዩ፡ እምበር ሓቀኛ ሓልዮትን እምነትን ናይቲ ዋዕላ ከም ዘይነበሮም ብሩህ እዩ ነይሩ። እዚ ኸኣ በቲ ኣሉታዊ ባህሪያታቶም ዘይኮነ፡ መን ምኻኖም እንታይ ዕላማኦም ብጋህዲ ተራእዩ ብወገንና ኸኣ ከሲብና ጥራሕ ዘይኮነ ከምቲ ናይ ቀደም ህዝብና ክቅሸሽ ከምዘይክእል ከምዘይነፍቅድ ዓቢይ ምህሮ ኾይኑና እዩ።

## ክኒኡ ኸኣ

ንዓመታት መሪሕ ውድብ ሰልፊ ተጸዊያም ዝቐሰሸሹ ዝነበሩን ዘለውን እቲ ንሶም ኣሎና ዝብልዎ ውድብ ይኹን ሰልፊ ከም ትሕጃ ወይ ከም መጣልዒ ክጥቀሙሉ ኣሎና እናበሉ መሳልል (ሰካላ) መደየብ ኮረሻ ክጥቀሙሉ ሕልሚ ከም ዝሓልሙ በሪሁ ተራእዩና እዩ።

## እቲ ዘገረም

በብመዓልቱ ዝወሃብ ዝነበረ ኣጀንዳታት ናይ ሃገራዊ ዋዕላ ትርጉም ኣገባባት ዘይኮነ  ናይ ጌና ንምስረታ እትብገስ ፖለቲካዊ ሰልፊ እውን ዝበቅዕ ኣይነበረን። ኩሉ እቲ ዝግበር ዝነበረ ነተን ንኣኼባ ዝተባህላ መዓልታት ብኸመይ ኣሕሊፍካ ኣብታ ናይ መወዳእታ ዕለት ኣብ ዝመጽእ የራኽበና ኢልካ ንሕልመታቶም

*ዘጣዓዕም ግዜ ምምጣዋ ምንባሩ ፈጺምና ኣይሰሓትናዮን ሕሉፍ ተመኩሮታት ናይ ጉባኤ ናይ ኣኼባ ምህሮ ስለዝነበረና ክንዝንግዖ ኣይከኣልናን።*

*ንኣብነት*

*ድሕሪ እቲ ናይ መጀመርያ መዓልታት ኣኼባ ክልተ መዓልቲ ናይ ለበዋ ንባበ ስራሕ ኪጅመር ተባሂሉ ኣሰናዳኢት ኮሚቴ ስራሔይ ወዲኤ ድሕሪ ምባላ ሓንቲ ሰክረተርያን ሰክረተርያ ኣቕራቢት መደብ እትመርጽ ትቑም ተባሂላ ነዚኣ ንምግባር ሓደ መዓልቲ ዓሪቡ ጥቕሙ እንታይ ተባህለ ነታ መዓልቲ ንምቅጻል ኮለል ንምባል እንተዘይኮይኑ ካልእ ምኽንያት ክርከበሉ ኣይክእልን።*

*እዚ ኸይኑኸ?*

*እታ ኣቕራቢት መደብ ኮሚቴ ኣብ ሓሙሽተ ጉጅለ ንዝተመቓቐለ ኣኼበኛ ትግርሕ ኮይና ሓደ ብዙሕ ገጻት ዝሓዘ ጽሑፋት ዓዲላ በዚ ኣንቢብና ርእይቶ ንሃብ ዝብል ክትዕ ኣቕሪባ እዚ ኸኣ ሰለስተ መዓልቲ ውሒጡልና።*

*እቲ ጽሑፍ፣*

*ከም ዘንበብናዮ ብክልቲኡ ቋንቋ ኤርትራ ትግርኛን ዓረብን ድኣ ይንበር እምበር እቲ ትሕዝቶ ናይ ክልቲኡ ቋንቋ ተጋራጫዊ ትርጉም ዝሓዘ እዩ ነይሩ። ነዚ ተሓቢሮም ከኣ እቶም ኣቕረብቲ መልሲ ክህቡሉ ኣይከኣሉን።*

*ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲ*

*ከም ብሓድሽ ካልእ ወረቓቕቲ ተዓዲሉ እውን፣ እዚ ኸኣ እቲ ናይ ቅድም ተጋራጫዊ ትርጉም ኣለዎ እናተባህለ ተነጊሮም ክእርምዎ ዝግበኦም እንደገና ዝተገራጨወ ትርጉም ዝሓዘ ተዓዲልና።*

<u>*"እዚ ንሸንኮለልዶ ንመደብ ዛዕባ ምቕራብ ይበሃል? መልሲ ክቡራን ኣንበብተይ ባዕልኹም ሃቡኒ።"*</u>

*መዓልታት ተበሊዔን እቲ ናይ ኣኼባ ግዜ ምዕጻው ኣኺሉ ኣብ እትኣከብናሉ ብዛዕባ እቲ ዝተዓደለና ጽሑፋት ርእይቶታትና ኣብቲ ኣደራሽ ክንበብ እናተጸበና ብሃታ ሃታ ንዝመጽእ ዓመት ሃገራዊ ጉባኤ ክግበር ኣሰናዳኢት ኮሚቴ ትቑም ዝብል ዛዕባ አልዒሎም ሓቲሞሞና።*

*ኣገሪሙ ዘደንጽው፣*

*ካብተን ንኣሰናዳኢት ኮሚቴ ሃገራዊ ዋዕላ ክቖማ ዝተባህለ፣ እቲ ኪዳን 22 ኣባላት፣ ውድባት፣ እቶም ኣብ ዋዕላ ምክፋል ዝተሓስሙ መሻርኽቶም፣ ካብ ኪዳን ወጻኢ ኣሎና ውድባት ዝብሉ 18 (ዓሰርተው ሾሞንተ) ውድባት ወዘተ.... ዝሓዘት ኮሚቴ ተበሃሂሎም ተመራሪጸም ከኣ፣ እዚ እውን ናበየናይ እሸዕላልን ዕንክሊልን ከም ዘድሃቡ እንዝንግዖ ኣይኮነን።*

*ምንዮትናን ምንዮት ህዝብናን*

*እዚ ድኣ ኣይኹን እምበር እቲ ዝተገብረ ሸንኮለላት ናትናን ናይ ህዝብናን ዕድል ወሰንቲ ክኾኑ ከም ዘይክእሉ ክሳዕ ሕጂ ነታ ሰሚርካ ንዓወትካ እትብል ሓቂ ክኸውልዋ ምቕናዮም ሳላ ኣብዚ ዋዕላ እዚ እተኻፈልና ኩሉ ብዓይንና ርኢናዮ ብኣእምሮና መዚንናዮ ኢና።*

*ሓይሊ ብዓል እከይ*

*እኩባን ሓሳዳት ህግደፍ ኣብ ቅልጽሞም ኣብ ዓቕሞም ዘይኮነ ሌባ ምስ ቁጥሚ ሓደ ግጥሚ ከም ዝበሃል ብዓመታት እተመልመላ ጥልመታት ተደራርቡ ተዘራሪው ከም ተቓውሞ ኣብ ደገ ተመዓዲው ከም ዝጸንሔ እሞ ነቲ ናይ ኣስመራ ዝተቐጽዩ መሓውር ህግደፍ ምስ ተምሳላቶም ብተምሳላቶም ደው ኢሉ ምህላው ኣብሪሁ በሪሁ ተራእዩና ኣሎ። መብጽዓ ሰውኣትን ምሕጽንታ ሰድራቤታትን ክኸበር ሓላፍነትና ስለ ዝኾነ በዚ ዝተራእየ ተሰናቢድና ወይ ተሰፋቆሪጽና ትምሕትም ክንብል ዘይኮነ፣ ዝተዓዘብናዮ ምህሮ ኾይኑ ኣድብዮም ዘለው ማንታታቶም ጌና እውን ስለ ዘውጠምጥሙ እስኪ እዚኦም ከኣ ንተዓዘቦም ዝብል ግርህና ከየዘንግዓና ብድድ ኢልና መዋጽኦና ክንገብር ናይ ግድን እዩ።*

*ብዓል ኣመል*

*ማይ ሰትዩ ይጠርጥ ከም ዝበሃል ሕጂ ነዚ ናተይ ርእይቶ ኣንቢቦም እንቋዕ እኳ ከምዚኣ ተባህለት ኢሎም ዝድብሉ መን በዓል መን ከም ዝበሃሉ ኩልና እንፈልጦ እዩ። ንሶም ዝበሉ ዝደበሉ እንተበሉ እንተደበሉ ተመሊሶም ህዝቢ ንኸታልሉ እንተዘይኮይኖም ንሓቂ ንተግባር ዕላማ ነይሩዎም እንተዝኸውን ከም ሰቦም ከማና ናብቲ ዋዕላ ምስ መጹ፣ ዘይመምጽኢኦም ግን እቲ ዝበሃልን ዝግበርን ይፈልጥዎ ስለ ዝነበሩ ከምዛ ምስኦም ዘይመኽሩ ብደገኦም ክግዕሩ ዝመድብዎ ኣቓዲሞም ዝተሰማምዕዎ እዩ። ከምኡ እንተዘይከውን ዘየለው ዘይተኻፈሉ ንኮሚቴ ክልተ ኣባላት ተዋሂቡዎም ተሸጎሮም ኣይምስተቐበሉን እሞ እንዝንግዖ ጉዳይ ከምዘይኮነ ይፈለጥ።*

*ክቡራት ክቡራን*

*እዚ በብግዜኡ ካብ መወዳእታ ሰሳታት ኣትሒዙ ሰም እናለወጠ ንውልቀ ረብሓውያን ዘርክእ፣ ባህጊ ስድራቤታት ለኪቱ ብጻዕርን መስዋእትን ህዝቢ ዝረብሕ ጉጅላዊ ዝምድናታት መቐጸልታ ናይቲ ናብዚ ሕሱር ኩነት ኣብጺሑና ዘሎ ዝኣመንናዮ ጉባኤታት!*

*ጉባኤ ተ.ሓ.ኤ. እንታይ ኣፍሪዩ? ሾናት ሕድሕድ*
*ጉባኤ ህዝባዊ ሓይልታት እንታይ ኣፍሪዩ? ቅዝፈት ንጹሃት ተጋደልቲ*
*ጉባኤ ህዝባዊ ግንባር እንታይ ኣፍሪዩ? ርእሰ መለኸነት*
*ጉባኤ ህግደፍ እንታይ ኣፍሪዩ? መንነትን መሰል ስድራቤታትን ጭውዩነት።*

*እዚኸ?*

*እዚ ታሪኻዊ ፈላማይ ዋዕላ ካብ እተገንዘብናዮ ናብቲ ተኣዊጁ ዘሎ ሃገራዊ ጉባኤ ዘብጽሕ ኣዋጅ ድኣ ይኣውጅ እምበር ኣብቲ ጉባኤ ድዩ ኣቓዲምና ዋንነት ሃገር ዋንነት ስልጣን ሃገር ስድራቤታት ምኻኖም ኣረጋጊጽና እንጋባኣሉ ባይታ ካብ ሕጂ ጀሚርና ሓኾት ክንበሃል ከም ዝኾንና ይረዳእ ብድሕሪ ሕጂ ክወራዘየልና ንዝደሊ ባይታ ከምዘይብሉ ገደባትና ሰብ ከነብል ምኻንና ነዚ ኣብ ግብሪ ንምውዓሉ ፈጺሙ ጸገም ከምዘይህልወና ኣረጋጊጽና ኢና።*

*መደምደምታ፣*

*ነዚ ኣብ ላዕሊ ዘርዚረዮ ዘሎኹ ንምርግጋጽ ኣብኡ ዝወዓሉ ክምስክርዎ ከረጋግጽዎ ድኣ ይኽኣሉ እምበር ኣጠቓሊለ ገምጋም ርእይቶ ክህበሉ ክንህበሉ ዝሓቶ ንስድራቤታት ኤርትራ መጻኢ ቅሱን ህይወት ዘሰፍነሉ ርጡብ ኩነታት ዘበርክተ ዋዕላ ከም ዝኾነ ደጋጊመ ሓቢረ እዩ። መበገስ ባይታና ንሱ ኾይኑ ኸኣ ንዊንታናን ዊንታ ህዝብናን ዘማልእ ዕማም ከነበርክቶ እንኽእል ጥጡሕ ኩነታት ስለ ዘሎ ተበግሶ ኩልና ካብ ወልቃዊ ረብሓ ተነጺልና ኣብ ሓባራዊ ረብሓ ከነትክል ንበገስ ጥዑይ ህይወት ንኽሕረስ ብምባል ኣብ እትመጽእ መወዳእታ ክፋል ጽሕፍተይ <u>ፍታሕ ጸገማትና ብኸመይ ይሓይሽ?</u> ክሳዕ ዘመሓላልፍ*

*ሰናይ ቅነ*
*ብወደባት፣ ግርማይ ኪዳነ (ወዲ ፊሊፖ)*
*ሚላኖ-ኢጣልያ*